
# ሓጺር ታሪኽ ሕጋዊ መኸተ

# ህዝቢ ኤርትራ ብኣጋጣሚ

# ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ

# I



ሰለሙን በርሀ

ቅድሚ 30 ዓመታት፡ ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ዝነበረ መዓልታት፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን፡ ነቲ መሪር ቃልሲ ኣሕሊፉ፡ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ፡ ብኣንጸባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ዘረጋገጾ ዘይግሃስ ሰብኣዊን ሃገራዊን መሰሉ፡ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ፡ ረፈረንዱም ብምክያድ፡ ብድምጹ ሕጋውነቱ ደጊሙ ዝኹልዓሉ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ከም ህዝቢን ሃገርን ብዕሊ ዘረጋገጸሉ፡ ፍስሃ ወ ሰላም ዝዓሰሎ ታሪኻዊ ቅንያት እዩ ነይሩ። ናጽነት ኤርትራ ብዘይ ረፈረንዱም እውን ሕጋዊ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ኤርትራ ከም ኩለን ግዙኣት ሃገራት መሰል ናጽነት ይግብኣ ነይሩ'ዩ። እንተኾነ ንግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ተባሂሉ ብዓመጽ፡ ኣንጻር ድሌት ህዝባ፡ ብውሳነ ሕቡራት ሃገራት 390 — A(V) ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቍረን ተወሲኑ።

ውሳነ ሕቡራት ሃገራት እውን ኣይተኸበረን። ሃጸይ ሃይለስላሰ፡ ብምኽሪ ኣመሪካ ንውሳነ ሕቡራት ሃገራት ብምጥሓስ፡ ፌደረሽን ኣፍሪሱ ንኤርትራ ሓንቲ ካብ 14 ክፍለ-ሃገራት ኢትዮጵያ ከምእትኸውን ብምግባር ልሒቓዋ። ህዝቢ ኤርትራ

እምበኣር፡ ነዚ ዓመጽ'ዚ ብምቅዋም'ዩ መሰሉ ብቕልጽሙ ከረጋግጽ ብረት ኣልዒሉ። በዚ ምኽንያት፡ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ፍትሓዊ፡ ናጽነቱ ድማ ብኹሉ መለክዒታት ሕጋዊ'ዩ ነይሩ። የግዳስ፡ ነዚ ሕጋውነት'ዚ ደጊምካ ምኹላዕ እውን፡ ፖለቲካዊ ረብሓኡ ቀሊል ኣይነበረን። ረፈረንዱም 1993 እምበኣር፡ ናጽነት ኤርትራ ሕጋውነቱ ደጊሙ ዝኹልዐን ዝደርዐን ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻመ እዩ። ስልጡን ህዝቢ - ሕማቕ ዕጫ ኣብ ባህሊ፡ ስርዓት ኣነባብራን ያታዊ ሕግታትን ህዝቢ ኤርትራ ዓሚቝ ምርምር ዘካየደ ናይ 19 ክፍለዘመን ኢጣልያዊ ተመራማሪ ስነሕብረተሰብ፡ ኮንቲ ሮሲኒ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሕጊ ዘለዎ ጽኑዕ እምነትን ምእዙዝነትን ከምኡ'ውን ኣብ ዓድታት ኤርትራ ዝጸንሖ ሕጊ ዝማእገኑ ስልጡን ናይ ምንብባር ስርዓት ብዕምቈት ድሕሪ ምዕዛብ፦ ንያታዊ ሕጊታት ህዝቢ ኤርትራ “Guardia senza armi“ (ዋርድያ ብዘይ ብረት) ክብል ብኣድናቖት ገሊጽዎ። ብርግጽ ድማ፡ ዘይከም ኣብ ካልእ ከባቢታት ዓለምና፡ ዓድታት ኤርትራ፡ ኣብ ቅድመ መግዛእታዊ ታሪኽን፡ ጠበንጃ ይኹን ፖሊስን ኣኽበርቲ ጸጥታን ከየድለየን፡ ህዝበን ብሕግታት እንዳባ እናተዳነየን ንፍትሒ እናተማእዘዘን ብስልጡን ኣገባብ፡ ኮማዊ ህይወትን መሬታዊ ጸጋታትን ዝመሓደራ ዝነበራ፡ ንናይ ግዳም ተዓዛቢ እምብዛ ዘገርማ፡ መስከብ ምዕቡል ህዝቢ እየን ነይረን።

ኮንቲ ሮሲኒ፡ ሓደ ኣብነት ከቕርብ እንከሎ ከምዚ ይብል፡- “ወዲ 10 ዓመት ንእሽቶ ጓሳ፡ ከብቱ ኣብ መሬት ጎዶቦ ዓዲ ኣትየን ዘራዓይ ምስ ዘሕድጎ፡ ከም ቆልዓ እናበኸየ ኣይኮነን ንቤቱ ዝምለስ። እንታይ ድኣ ደድሕሪ'ቲ ዘራዓይ ስዒቡ፡ ናብታ ዓዲ ይኣቱ'ሞ፡ ኣብታ ዓዲ ንእትርከብ ኣሞኡ ወይ ካልእ ዘመዱ 'ከብቲ ተዘሪዐናኒ'ሞ ተዋሓሱኒ' ይብሎም። ዋሕስ ተኺሉ ድማ ከብቱ ሒዙ ዓዱ ይኣቱ። ምሸት ኣብ ዙርያ መጋርያ ሓዊ፡ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጠሞ ንኣቦኡ የዕልሎ። “ሎሚ ዓዲ እከለ ከብትና ዘሪያመን ነይሮም፡ ኣሞይ እከሊት ወይ ዘመድና እከለ ተዋሒሱኒ ስለዘሎ፡ ንግሆ ኬድካ ዋሕሳ ኣውርድ” ኢሉ ድማ ይሕብሮ። ኣቦኡ፡ ኣንጊሁ እተን ዝኸፈላ እኽሊ ቋጺሩ ናብታ ዓዲ ብምኻድ ዋሕስ የውርድ።” እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ሕግታት እንዳባ ዝሰፈረ ኮይኑ፡ ኣብቲ ህዝቢ እንተላይ ኣብቶም ንኣሽቱ ቆልዑ ከም ባህሊ ዝሰረጸ ሰለሙን በርሀ ናይ ስልጡን ኣነባብራ መሰረት እዩ። ሕብረተሰብ ኤርትራ እምበኣር፡ ንሽም ዓመጽን ጎነጽን ዝኣመሰለ ድሑር እንስሳዊ ባህርያት ወጊድ ኢሉ፡ ንሓይልን ስነ-ሞጎት ሓይልን ብንቕሓት ጸብለል ኢሉ፡ ነዊሕ ዘይዘሎ - ሓጺር ዘይሰልኮ፡ መነባበሪ ስርዓት ብምቛም፡ ንዘመናት ኣብ ትሕቲ ጽላል ሕጊ ዝተመሓደረ፡ ወናኒ ስልጡን ባህሊ ኮይኑ፡ ንሕጊ ተገዛኢ

ምኺን፡ መለለዪ ባህርያቱ እዩ። ሕማቕ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን፡ እዚ ዘይናቱ ዘይደሊ፡ ዓመጽን ጎነጽን ዘይፈቱ፡ ብሕጊን ስርዓትን ምንብባር ዝልማዱ ስልጡን ህዝቢ፡ ኣብ ታሪኹ፡ ግዝኣተ ጫካ ብዝእምነቶም ተጻባእቲ፡ ፍጹም ኣንጻር ባህርያቱ ዝኾነ ዓመጽን ርግጸት ሕጊን እዩ ገጢምዎ። ሓደ ካብ ደረኸቲ ረቛሒታት ናይቲ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክፍጸም ዝጸንሐ ተደጋጋሚ ዓመጻት፡ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዓይኒ ገበትቲ ዝስሕብ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ጸጋታትን ኤርትራ እዩ።

ናይ ርሑቕ ታሪኽ ገዲፍና ናይ ዝሓለፈ 80 ዓመታት ታሪኽ ምስ እንምልከት፡ ኤርትራ ዝነውሐ ገማግም ናይቲ ቀንዲ ኣህጉራዊ ንግዳዊ መስመር ዝኾነ ቀይሕ ባሕሪ ስለ እትውንን፡ ጉዳይ ልኡላውነታ ብቐጻሊ መዋገዪ ረብሓታት ናይቶም ነዚ ወሰናስን'ዚ ኪቈጻጸሩ ዝደልዩ ርእሰ ሓያላን ኮይኑ ጸኒሑ እዩ። ብፍላይ ካብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ንድሓር፡ ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ካብ መስመር ርትዒን ፍትሒን ርሒቑ፡ ብዋጋ ምርግጋእ'ዚ ዞባ ብሓፈሻ፡ ብዋጋ ኤርትራን ህዝባን ድማ ብፍላይ ናብ ኢትዮጵያ ዘድለወ ኮይኑ ምጽንሑ፡ እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈጸመን ገና ክሳብ ሕጂ ንርግኣትን ሰላምን ዞባና ብኣሉታ ዝጸሉ ዘሎ በደልን ዓሎቕን እዩ። ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ እዘን ናይ ሕጂ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤውሮጳውያን ገዛእቲ ብ1884-1885 ኣብ በርሊን ተጋቢኦም፡ ንመሬት ኣፍሪቃ ድሕሪ ምጉዝዛዮም ዝተመስረታ እየን። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኢጣልያ ንኤርትራን ኢጣልያዊ ሶማልን፤ ፈረንሳ ንጅቡቲ፤ ብሪጣንያ ንሶማሊ ላንድ ክሕዛ እንከለዋ፤ ንጉስ ሸዋ ሃጸይ ምኒሊክ፡ ንወራር ኢጣልያ ድሕሪ ምዕጋት፡ ምስ ሓይልታት መግዛእቲ ሽርክነት ብምምስራት፡ ኣብ ከባቢኡ ንዝነበሩ ህዝብታት እናወረረ ግዝኣቱ ብምስፋሕ፡ ነዛ ናይ ሕጂ ኢትዮጵያ እትብሃል ሃገር ፈጢሩ።

ዕላማ ኢጣልያ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ምሉእ ምድሪ ሶማልን (ጅቡቲ፡ ኦጋዴን፡ ሰሜንን ደቡብን ሶማል) ዘጠቓለለ ሰፊሕ ግዝኣት ምምስራት እዩ ዝነበረ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ፡ ኢጣልያ ብምኽንያት ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣኣ ንኤርትራ ከም ተሪር መንጠሪ ባይታ (ስፕሪንግ ቦርድ) ንምግባት ዝሰፍሐ ግዝኣት ወሲዳ፡ ኣብ ኤርትራ ገዚፍ ርእስማል'ያ ኣፍሲሳ። ክንዲ ዝኾነ ህንጸት ሃገር፡ ኣብ ኤርትራ ካብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተፈልየ ፍጥነት ነበሮ። መንግስቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ዓበይቲ ወደባትን

ንኣሽቱ ማርሳታትን ሃኒጹ፤ መዕርፎ ነፈርቲ ጸሪጉ፤ ጽርግያታት፡ መገዲ ባቡርን ቴለፈሪካን ዘርጊሑ፤ መጕዓዝያ ምድሪ፡ ባሕርን ኣየርን ኣማዒሑ። ናይ ጸዓት መደበራት መስሪቱ፤ ናይ ስልክን ቴለግራፍን መራኸቢታት ዘርጊሐ። ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት፡ መመስርሒ መግቢን መስተን ካልኦት ሃለኽቲን ፋብሪካታት ተኸሊ፤ ዝተፈላለዩ መጸገኒ ትካላት ኣቔመ። ሰፊሕ ዳህሳስ ማዕድናት ኣካይዱ፡ ኣብ ሓያሎ ቦታታት ኩዕታ ጀመረ። ሃብቲ ዓሳን ጨውን ዝምዝምዝ ትካላት መስሪቱ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ዓበይቲ ሕርሻታት ኣልሚዑ፡ ምዕቡል ስርዓተ ቁጠባ ኣተኣታተወ። ብዘይካ'ዚ መንግስቲ ኢጣልያ፡ መግዛእታዊ ሰራዊቱ ንምዕባይ፡ ግዱድ ክታበት ኣተኣታትዩ፡ ንኣስታት 150 ሽሕ ኤርትራውያን ሓረስቶትን ጓሶትን ናብ ወተሃደራት ቀይሮም። ኣብ ምምሕዳርን ዝተፈላለየ ኣገልግሎታትን ዝነጥፉ ሰባት ንምምልማል ካብ 4ይ ክፍሊ ዘይሓልፍ፡ ኣብ ቋንቋ ጣልያን፡ ኣርባዕተ ተግባራት ቁጽሪን ጽሬትን ዘተኩረ ቅዩድ መደብ ትምህርቲ ብምትእትታው ከኣ፡ ባህላዊ ጽልዋታቱ ከስፍሕ ንኤርትራ ኣብ ኣውራጃታትን ወረዳታትን ከፋፊሉ፡ ኣብ ታሕተዋይ ጽፍሒታት ንዕኡ እሙናት ዝኾኑ ኤርትራውያን እናሾመ፡ ነቲ ዝነበረ እንዳዊን ቀቢላዊን ምምሕዳራት ምስ ዕላማ መግዛእቲ ብዝሳነ መልክዕ ቀየሮ። ከም ውጽኢት ናይዚ ገዚፍ ወፍሪን ጂኦግራፍያዊን ምምሕዳራዊን ውህደት'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ቅልጡፍ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ለውጢ መጺኡ፡ ሓደስቲ ማሕበራውያን ሓይልታት ተፈጢሮም፡ ኣቋውማ ሕብረተሰብ ኤርትራ መስፍነ-ርእሰማላዊ መልክዕ ሓዘ። በዚ ድማ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝነበረ ኣተሓሳስባታት ክቕየርን ሓደ ማሕበረ-ስነኣእምሮኣዊ ስምዒት ክፍጠርን ሃገርነትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒትን ኪኹስኰስን ጀመረ። እዚ ይኹን'ምበር፡ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ጸዓዱን ጸለምቲን ሰባት ዝንቀሳቐስሉ ከባቢታት ዝፈሊ ዓሌታዊ ሕግታት ብምትእትታው፡ ልሙዕ መሬት ካብ ደቀባት ብምምንዛዕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ግፍዒታት ይፍጽም ብምንባሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝነበረ ዓሌታዊ ኣድልዎ፡ ጭቆና፡ ምዝመዛን ግዱድ ዕስክርናን ኣበርቲዑ ይቃወሞ ነበረ። ብዙሓት ኤርትራውያን፡ ንመግዛእቲ ኢጣልያ ብምቅዋም ናብታ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዘይኣተወት ኢትዮጵያ ክስደዱ ከለዉ፡ ብዙሓት ከኣ ኣብ ናኹራን ካልእ ኣብያተ ማሕቡስን እናተዳጐኑ፡ ተገፊዖምን ሓቑቖምን እዮም። እዚ መግዛእታዊ ግፍዕን ጭቆናን ብግደኡ ሃገራዊ ስምዒት ኣብ ምዕባይ ናቱ ኣበርክቶ ነበሮ። መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ፈለማ 1930ታት ንካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ዝቀራረበሉ ዝነበረ እዋን፡ ንኢትዮጵያ ብምውራር፡ ንምሉእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክቈጻጸር ስለዝወጠነ፡

ኣብ ገዚፍ ወተሃደራዊ ምድላዋት ኣተወ። በዚ ድማ ኣብ ኤርትራ ዘድሊ ትሕተ-ቅርጺ ንምንጻፍ ብቢልዮናት ሊረ ዝግመት ተወሳኺ ርእሰማል ኣፍሲሱ። በቲ ንኤርትራውያን ኣዐስኪሩ ዝሃነጾ ገዚፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ከኣ፡ ኣብ 1935 ንኢትዮጵያ ወሪሩ ኪቈጻጸራ ግዜ ኣይወሰደሉን። ድሕሪ'ዚ ንኤርትራ ኢትዮጵያን ናይ ሽዑ ሶማል ኢጣልያን ዘጠቓለለ፡ ኢጣልያዊ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝተሰምየ ሰፊሕ ግዝኣት ኣቑሙ።

እቲ ኩናት ግን ኣብዚ ከባቢ'ዚ ጥራይ ዝተወሰነ ኣይነበረን። ኣካል 2ይ ኩናት ዓለም እዩ ዝነበረ። ነዊሕ ከይጸንሐ ማለት ኣብ 1945 ከኣ፡ እቲ ኩናት ብስዕረት ኢጣልያን ሰብ ኪዳናን ተዛዚሙ። ብሪጣንያ ንሰራዊት ኢጣልያ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሶማልን ድሕሪ ምስዓር፡ ንኤርትራን ሶማልን ብግዝያውነት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳራ ከተእትወን እንከላ፡ ንመራሕቲ ኢትዮጵያ ድማ ሃገሮም ኣረከበቶም። ድሕሪ 2ይ ኩናት ዓለም፡ ኣመሪካ ብዓለም ደረጃ ዝሓየለት ሃገር ኮይና ክትወጽእ እንከላ፡ ኣብቲ ኩናት ዝተዓወታ፡ ሃገራት ሓይልታት ኪዳን (እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ሕብረት ሶቭየትን ኣመሪካን) ንውድብ ሕቡራት ሃገራት መስረታ። ምስ ምቛም ናይዚ ውድብ'ዚ፡ መግዛእቲ ኣብቂዑ፡ ግዙኣት ህዝብታት ናጽነቶም ክወሃቦም ኣብ ስምምዕ ተበጽሐ። ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ ናጽነተን ክጐናጸፋ ጀመራ።

ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ን10 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ ጸኒሑ፡ ድሕሪኡ ዕድሉ ክውሰን ተባህለ። ብሪጣንያ ንኤርትራ ኣብ መንጎ'ታ ግዝኣታ ዝነበረት ሱዳንን ኢትዮጵያን መቓቒላ ከተሕቅቓ ሕቡእ ድሌትን ዕላማን ስለዝነበራ፡ ኣብቲ ብሞግዚትነት ንኤርትራ ዘመሓደረትሉ 10 ዓመታት፡ ኢጣልያ ዝሃነጸቶ ዓበይቲ ትሕተ-ቅርጺታትን ቁጠባዊ ትካላትን ኣብ ምዕናው'ያ ተዋፊራ። እዚ ዝገበረትሉ ምኽንያት፡ “ኤርትራ ብቁጠባ ርእሳ ኣይትኽእልን'ያ፡ ስለዚ ድማ ሃገር ክትከውን ብቕዕቲ ኣይኮነትን” ብዝብል ምኽንያት ናይ ተቐሲም (ምምቃል) ውጥና ንምትግባር እዩ። በዚ ድማ፡ ምምሕዳር ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ፡ ቅድሚኡ ተራእዩ ዘይፈልጥ ቁጠባዊ ሕሰም ዝተኸስተሉ እዋን'ዩ ነይሩ። መግዛእቲ ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ ዘምጽኦ ብኣዎንታ ዝጥቀስ ለውጢ እንተነይሩ፡ ነቲ ካብ 4ይ ክፍሊ ዘይሓልፍ ዝነበረ ብኢጣልያ ዝተመስረተ ኣገልግሎት ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ከምዝበጽሕ ምግባሩ፡ ናይ ጽሑፍን ዘረባን ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ሰልፊታትን ማሕበራትን ናይ ምቛም መሰል ምፍቃዱ እዩ። እንተኾነ፡ ምምሕዳር ብሪጣንያ ነዚ መሰል'ዚ፡ ብመግዛእቲ

ኢጣልያ ተዳኺሙ ዝነበረ ቀቢላዊን ሃይማኖታዊን ካልእ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ቀስቂሱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሓድሕዱ ከምዘይሰምማዕ ብምግባር፡ ንኤርትራ ናይ ምምቃል ዕላማኡ ንምስላጥ እዩ ክጥቀመሉ ፈቲኑ። ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸበ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ እዚ መሰል'ዚ ስለዝተዋህቦ ጥራይ ብሱላትን ሓያላትን ፖለቲካዊ ሰልፈታት ክፈጥር ብቕዓት ኣይነበሮን።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብሪጣንያን ገዛእቲ ኢትዮጵያን ብስዉር መገዲ ሽፍትነት ብምትብባዕ፡ ህዝቢ ኤርትራ ስኒት ዘይብሉ፡ ንሃገርነት ዘይበቕዐ ህዝቢ ምዃኑ ንምእማን ይጽዕሩ ነበሩ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ድብልቕልቕ እዋን ድማ እዩ፡ እቲ ፖለቲካዊ ተሞኩሮ ዘይነበሮ ህዝቢ ኤርትራ፡ መጻኢ ዕድሉ ናይ ምውሳን ታሪኻዊ ብድሆ ዝገጠሞ። ምስ ኩሉ'ቲ ዝነበረ ብድሆታት ግን 10 ዓመታት ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ኣብ ፖለቲካዊን ባህላዊን ህይወት ኤርትራውያን ሓድሽ ምዕባለታት ምኽሳቱ ኣይተረፈን። ምውጋን ግዝኣታት ኢጣልያ ሓላፍነት ሕቡራት ሃገራት እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ውሳነ ናይቲ ውድብ ዓቢ ተራ ዝነበራ ኣመሪካ እያ። ናይቲ ግዜ'ቲ ምስጢራውያን ሰነዳት ከምዘረጋግጽዎ፡ ኣመሪካ 2ይ ኩናት ዓለም ኣብ ዝተዛዘመሉ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ቁጽጽራ እተደልድለሉ፡ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስን ርሑቕ ምብራቕን ምስ ዝነበረ መደበራታ ብቐሊሉ እትራኸበሉ ቦታ ትደሊ ብምንባራ፡ ንገማግም ባሕሪን ከበሳታትን ኤርትራ ዓይኒ ኣውዲቓትሉ ነበረት።

ስለዚ ድማ፡ ንምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ናብታ ግዝኣት እንግሊዝ ዝነበረት ሱዳን ጸንቢራ ንከበሳን ገማግም ባሕሪን ኤርትራ ንበዓል ኪዳና ሃጸይ ሃይለስላሰ ሂባ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ከተእትዎ ዝተወድአ ውጥን ነበራ። ምምቃል ኤርትራ ሓያል ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ገጠሞ ግን፡ ኣመሪካ ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ከልኪላ፡ ድሕሪ 60 ዓመታት መግዛእቲ፡ ብ1952 ብስም ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከምዝቖረን ብምግባር ናብ ካልእ ባርነት ኣእተወቶ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሆይሆይታ ናይ ፖለቲካ ሰልፈታት፡ ዘተ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ኤርትራን ምምጻእ ልኡኻት ናይቲ ውድብን ፖለቲካዊ ተዋስኦ ጥራይ'ዩ ዝነበረ። ብግብሪ፡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢኡ ክውስን ክፉት ዕድል ኣይተዋህቦን። ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከኣ፡ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ኣይነበረን። ነቶም ኤርትራ ብታሪኽን ባህልን ኣካልና'ያ ኢሎም

ዝምጉቱ ዝነበሩ ገዛእቲ ኢትዮጵያ’ውን እንተኾነ ፈደረሽን ምሉእ ዓወት ኣይነበረን።